# አዋጅ ዘራፍ ካብ ካናዳ

ሃይለ መንገሻ ዑቕበ

# ናይ ሞትን ሕየትን ቃልሲ

ደጊም ከብቅዕ'ዩ

haileokbe@yahoo.com

ክቡራን መሰረታትን መሪሕነታትትን ውርሻዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ክቡራ ሓፋሻትን መሪሕነታትትን ውርሻዊት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ
ክቡራን በርገሳዊ ኣሃዱታት
ክቡራን ግዱሳት ኤርትራውያን

ከመይ'ልኩም ውዒልኩም። ጽቡቕ ንክ^ትህልዉ ምንዮተይ ኢዩ።

ቀጺለ ናብቲ ንክ^-ልና ዓጂቡና ዘሎ ጉዳይ ሃገራና ክሓልፍ ኢየ። እዚ ጨቋኚ ስርዓት ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ተከ^-ልዎ ዘሎ ኣዚዩ ሕሱም ወልቀ-ምልካዊ ስርዓት መወዳድርቲ የብሉን።

መስኪን ውጹዕ ህዝብና፣ ሕሱማት ዝቑጸሩ ስርዓትታ ሓደ ደድሕሪ ሓደ የሕሊፉ ኢዩ። መግዝእቲ ቱሪኪ፣ ግብጺ፣ ጣልያን፣ እንግሊዝ፣ ስርዓት ንጉስ ሃይለ ስላሴ፣ ስርዓት ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ስርዓት ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ። እቲ ካብ ኩሎም ዝጨከነን ዝሓሰመን ማእለያ ዘይብሎም ትንፋሳት ናይ ኤርትራውያን ዘህለቐን ስርዓት ግን እዚ ብፕረሲደንት ኢሳያስ ዝቐመ ስርዓት ኢዩ። እቶም ናይ ቀደም ኣቦታትና “መግዛእቲ ቱርኪ” ኢሎም ዝመሰሉ፣ ኣብ ሂወቶም ከለዉ ንስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ይፈልጥዎ ስለዘይነበሩ ጥራይ ኢዮም።

ነዚ ኣመና ሕሰም ዘስተውዓሉ፣ ልቦም ክገብረሎም ዘይከኣሉ ናቱ ብጾቱን፣ ናይ መንግስቲ ሃገረ ኤርትራ ሚኒስተራትን፣ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ሰብ መዚ‌ታትን ነራላትን፣ ኩሉ ዝጽንሐ ግዕዘ ዝመልኦ ምሕደራን ኩነታትን ሃገራና ጸርጊፎም ብሓድሽ ዝኮ^ነ <u>ግልጽነት</u>፣ <u>ሓበራውነት</u>፣ <u>ተሓታትነት</u> ዝመልኦ ምሕደራ ክትክእዎ፣ ነቲ ናይ ዶብ ግርጭት ምስ ፌደራላዊት ረፑብሊካዊት ኢትዮጵያ፣ ብመልሓስ ረሳሕ ስርዓት ኢሳያስ ድማ “ወያኔ”፣ ነባሪ ሰላምን ዘላቒ መፍትሕን ክና ድይሉ ምስተበገሱ ብዘይ ኣገባብ፣ ብዘይ ፍትሒ፣ ኣባላት ጸጥታ ናቱ ሰዲዱ ቁልቁል

ኣፎም ተከ∧ ሉ፣ ቀፊዱ ምስወሰዶም ኣብዚኣ ኣተዉ ከይተባህለ ከምዝሸረቦም ኩላትና ንፈልጦ ጉዳይ ኢዩ።

ኣብታ ሻዓ ቕነ እቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝነበሩ ክቡራን ሚኒስተራት፣ ክቡራን ሰብ መዚታት፣ ክቡራን ነራላት፣ ጨካን ኢሳያስ ንሓዋሩ ከሕቅቕም ምካ∧ኑ ብደምቢ ይፈለጡ ስለዝነበሩ፣ ኣብ ኣዋጆም ኡይ! ንሓልፉ ኣሎና፣ ኡይ! ንሓልፉ ኣሎና፣ ንካ∧ልኣይ ግዜ፣ ኡይ! ንሓልፉ ኣሎና፣ ንሳልሳይ ግዜ፣ እናበሉ ኢዮም ንምድራዊ ገሃነብ እሳት ዝሓለፍዋ። ካብኦም፣ ኣብ ደገ ዝነበሩ ሒደት ብጾቶም ጥራይ ኢዮም ድሒኖም ከምልጡ ዝካ∧...ሉ። ንሶም'ውን፣ ሰብ እንታይ ሓይሊ ኣለዎ ዘይፈጣሪ፣ ግንባሮም ብጣዕሚ ጽቡቕ ስለዘነበረ ጥራይ ኢዩ። እንሆ ሕጂ ኣነ ከ∧...፣ ኡይ! ኣንቱም ኤርትራውያን፣ ኡይ! ኣንቱም መሰረታት፣ ኡይ! ኣንቱም ሓፋሻት፣ ንዑ ንተኣከብ ሓዲኡ ንግበር ዝብለኩም ዘለከ∧-። መላእ ዓወት ንዕተር፣ ኢየ ዝብለኩም ዘለከ∧-።

ፕረሲደንትን ናይ ዲያብሎስ ስራሕ ኣማካ∧ሪኡ የማን ገብረኣብን፣ ካብ ብዙሕ ኩርናዓት ዓለም፣ መራሕቲ ማሕበራት ተጣበቕቲ ንሰብኣዊ መሰላትን ግዱሳት ውልቀ-ሰባትን፣ ነዞም ሺታትኦም ዝሸረቦም ሚንስተራትን፣ ሰብ መዚታትን ነራላትን ናብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ ከቕርቦም ተሓቲቶም፣ ዕጭ ንሕና *ብባህሊ ህዝባዊ ግንባር* ኢና ንከ∧ይድ ኢሎም መሊሶም ኢዮም። *ባህሊ ህዝባዊ ግንባር*፣ ማለት ድማ ብዘይ ኣሰር፣ ብዘይ ኣስከሬን ካብ ገጽ ዓለም ገጸ-ድምጽማጽ ጭራሽ ምጥፋእ ማለት ኢዩ። በብእዋኑ ብጉጅለ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ *ብባህሊ ህዝባዊ ግንባር* ካብ ገጽ ዓለም ድምጽማጾም ዝጠፍኡ ምስ ስርዓቱ ዘይቃዶ ቅኑዕ ሓሳብ ዘፍሰሱ ምሁራን፣ መስተውዓልቲ፣ ተመራመርቲ ዝኮ∧ኑ ኤርትራውን ተጋደልትን ኣዲኦም ትቑጸሮም። ብልክዕ ከ∧... ‹ንደይ ምካ∧ኖም ዝፈልጥ ዋላ ሓደ ሰብ የለን፣ ብካ ሓደ ላዕላይ ፈጣርን ወሓጢቶም ምድርን።

ክቡራን ደቀባት፣ ነዞም ንደርጊ እንተላይ ወተሃደራዊ ኣማከ∧ርቱ ሩሲያውያን ሸራእራእ ዘብሉ ዝነበሩ ምዑታት ሓለፍትን መራሕቲ ኩናትን ዝነበሩ ክቡራን ሚኒስተራትን ክቡራን ሰብ መዚታትን ክቡራን ነራላትን፣ ከም ኣብ ዝባን ቲግሬቶ ወይ ኣብ ዝባን ኣውቶቡስ ዝጸዓን ንዕዳጋ ዝወርድ በጊዕ፣ ኣርባዕተ መሓውራቱ ጥምጥም ኣቢልካ ትኣስሮ፣ ኢሳያሳ ኣፈወርቂ ነዞም እሱራት ቁልቁል ኣፎም ደፊኡ ክኣስሮምን ከሳቕዮምን'ሲ እንታይ ኮይኑ ይስማዓኩም? ኣንታ ኢሳያስ! ካን'ዶ ናይ ኣዳም ሕፍረት የብልካን'ዩ? ኣንታ ኣብ ግዜኣም'ሲ፣ ንሩሲያውያን ከይተረፈ ፈጥፈጥ ዘብሉ ሰብ ፍርንጭት እኮ ኢዮም ኔሮም። ክንድዚ ዝኣክል ውርደት፣ ብድዐ፣ ሞት ኣብ ዒራዒሮ ምተገብኦም'ዶ?። እሞ'ከ∧... ንብጾትካ ዝነበሩ። ደቂ ዓደይ፣ እቕረታ ይሓተኩም፣ ንቓንቃይ።

ክቡራን ደቀባት፣ ህዝቢ ንዓመታት ገለ ብጉርሒ፣ ገለ ብፍርሒ፣ ገለ ከኣ ብርስቲ ካብ ኣስቀጠ፣ ተቓለስቲ ውድባት ኤርትራ ድማ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ብኣንቺ መንችን ሃበስ

ቀደስን፣ ንመላእ ዓወት ፈጺሞም ካብ ተሓስሙ፣ ብወገነይ ዝቐረጽኩዎ ውሳኔ፣ ብግልጺ የቕርበልኩም እንሆ።

ስለ ክብሪ፣ ክቡር ሚኒስተር ተጋዳላይ ማሕሙድ ሸሪፎ፣ ርእሰ-ኮሚሽን ናይ ምርጫ ኮሚሽን ዎ ሚኒስተር ውሽጣዊ ምምሕዳርን ኣባል ማእከላይ ባይቶ ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራን ከምኡ'ድማ ስለ ክብሪ፣ ክቡር ሚኒስተር ተጋዳላይ መምህር ሃይለ ወልደትንሳኤ፣ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ፣ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራን ከምኡ'ድማ ስለ ክብሪ፣ እቶም ኩሎም ኣብ ዒራዒሮ ተመቒሖም ዘለዉ ብጾቶም ሰበ-ስልጣናትን፣ ስለ ክብሪ እቶም ኩሎም ሰበ-ፕረስን፣ እንሆ ካብዛ ደቒቕ ሚሩ፣ ዘራፍ ኣንጻር ጨቛኒ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብምባል ኣብ ጎድኒ ምክልካ^ል ሓይልታት ፌደራላዊት ረፑሊካዊት ኢትዮጵያ ደው'ለ ክሳብ መላእ ዓወት ዝረጋገጽ ብዘሎኒ ዓቕሚ፣ ገንዘብ፣ ብርዒ፣ ብረት ክዋደቕ ምካ^ነይ ይእውጅ።

በዚ ኣጋጣሚ ነቶም ከምዚ ዝኣመሰለ ጽኑዕ ዘይፈርስ መርገጺ፣ ኣብ ውሽጢ ልበይ ን ክ^ጸፊ ዘተባብዑኒ ክቡር ኣቶ ረዘነ ሃብተን፣ ክቡር ኣቶ ቢንያም ፍጹምን ምስጋናይ እናቕረብኩ፣ ሓርበ~ዊ ሰላምታይ ብትሕትና ደኒነ ክነስኣሎም ይፈቱ።

ምስቲ ደመ~ጸላኢናን ደመ~ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራን ደመ~ጸላኢ ህዝቢ ኢትዮጵያን ዝኮ^ነ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ዝጸንሐ ናይ ሞትን ሕየትን ቃልሲ ደጊም ከብቅዕ ኢዩ። ክሳብ እቲ ስርዓት ብምሉኡ ሃደሽደሽ'ሉ ዝፈርስ መከ^ተ ኣይከቋርጾን ኢየ። ኩሎም ናይ ዒራዒሮ እሱራት ኤርትራውያንን ዝተጨውዩ ኢትዮጵያውያንን ውዒልና ሓዲርና ከነፍትሖም ምካ^ንና ኣይትጠራጠሩ። ሸሪፎ ዝኣተዋ ጉድጓድ የእተውኒ፣ ብምባል ከኣ ግምባረይ ንዓረር ወፊየዮ ይርከብ። ቁርጺ'ያ መርገጺተይ።

ዓወት ንህዝቢ ሃገረ ኤርትራ
ዓወት ንህዝቢ ፌደራላዊት ረፑብሊካዊት ኢትዮጵያ

ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፣ ካናዳ
03/19/07